# ሓኪም ዘይፍውሶ ሕማም። ማጮሎት ዶኾን ምሓሸ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ሕሱም ጉዕዞ ጭቆና ብዙሕ ፍልጠት ከሲቡ'ዩ። ብሓዊ ተፈቲኑ ከም ወርቂ ደሚቁ ንዘጋጥሞ ብድሆታት ከፍሽልን ክስዕርን ኣግቢሩዎ። ንዝነበሮ ሓድነት ዝያዳ ደሪዑዎ። ኮምኡ ስለ ዝኾነ ስሙር ቅልጽም ኣጥሪዩ። ብዝሰመረ ቅልጹሙ ጸላእቱ ጸራሪጉ ብርሃን ዓወት ኣበሲሩ። ነዚ ዓወት ክውን ክኸውን ዝገበረ ህዝባ ግንባር እዩ። ኣብዚ ዝኾነ ሰብ ዝማታእ ዘሎ ኮይኑ ኣይስማዓንን። ዝኾነ ይኹን ውድብ መራሕን ተመራሕትን ኣሎዎ። ንጀጋና ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር መሪሖም ዝመጹን ተዋጊኦም ዘዋግኡን ኩሉ ኤርትራዊ ኣጸቢቑ ይፈልጦ እዩ። ካብቶም ናይ ሽዑ መራሕቲ ሓደ፡ ናይ ሕጂ ፕረስደንት ኢሰያስ ኣፍወርቂ'ዩ"። ብዛዕባ ጅግንነት ፕ.ኢ.ኣ. ክንዛረብ ከሎና ፡ኩሉና ክንግንዘቦ ዘሎና፡ ጅግና ብዘይ ጀጋኑ ጅግና ክኸውን ስለ ዘይክእል፡ ፕ.ኢ. ምስ ጀጋኑ ኮይኑ ስለ ዝተቓለሰ፡ ጀጋኑ መሪሑ ስለ ዝተዓዘን እዩ ነቲ ዝነበሮን ዘለዎን ጅግንነት ተወሳኺ ድርዒ ዝኾኖ። ኣስማት ኩሎም ጀጋኑ ብዝርዝር ከትጽሕፎ ስለ ዘይክኣል ንጅግንነቶም ዝውክል ጌርና እና ንዛረበሉ ዘሎና። ስለምታይ ጂግና ንጀጋኑ ስለ ዝውክል።

ንጅግና ዝጸልኦ የብሉን ብጀካ እቶም ብጅግንነቱ ቅንኢ ዝሓደሮም ፡ ወይ ከኣ ናይ ስልጣን ሸውሃቶም ዝተዓጽዎም ። ሓፉሽ ብሃዕባ ዝዕዘቦም ጉድለታት ክዛረብ ይኽእል። ክዛረበሎም ከኣ ሓላፍነት ኣለዎ። መራሕቱ ከማርር ርእይቱኡ ክገልጽ ዝተዓዘቦ ክሕብር ሃገራዊ ግደታኡ'ዩ። ኩሉ ግን ሃገር ድሕነታ ንኽሕሎን ንክትህነጽን'ዩ። ከም ኣብነት ኣብ ሃገርና መደብ ብጋህዲ ዝብል ፕሮግራም ኣሎ። ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ ዝቐርብ ነቐፌታታት ንሰበስልጣን ካብ ዝላዓለ ክሳብ ዝተሓተ ንሰምዕ ኢና። መንግስቲ ዓይኑ ህዝቢ እዩ። እዛ መደብ ብጋህዲ እትብል ሓንቲ ካብተን ኣዒንቱ እያ። እዚ ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ደሞክራሲያዊ መሰል ናይ ዜጋታት ዘረጋግጽ'ዩ። ኩሉ ዝቐርብ ነቐፌታታት ይኹን ሓበረታ ሓቀኛ ምስ ዝኸውን ከከም ኩነታቱን ኣድላይነቱን ፍታሕ ይግበረሉ፡ ወይ ብዝምልከቶ ኣካል መልሲ ይዋሃቦ። ኣብ ኤርትራ ካብታ ዝነኣሰት ዓዲ ክሳብ እታ ዝዓበየት ከተማ ኣማሓደርተን ይመርጻ። እዚ ደሞክራሲያዊ መስርሕ'ዶ ኣይኮነን። እቶም ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ የለን ዝብሉ ሰባት ወይ ጉጅለታት እንታይ ዓይነት ዲሞክራሲ እዮም ደልዮም። ወይስ ከምዚ ምዕራባውያን ሃገራት ዝብሎኦን ዝገብርኦን ዓይነት ዲሞክራሲ እዮም ዝደልዩ?

ንኣብነት ኣሜርካ ነቲ ሮድ ማፕ ኢሎም ዝጽውዕዎ ንእስራኤልን ፍሊስጤምን ንምትዕራቕ፡ ቕድምን ህዝቢ ፍልስጤም ብመን ክምራሕ ከም ዝደሊ ክፍልጥ ኣሎዎ፡ ብሓማስ ወይ ብፋታሕ ምርጫ ይግበር፡ ህዝቢ ዝመረጾ ከኣ ንሰማማዓሉ ኢሎም ኔሮም። ህዝቢ ፍልስጤም ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ንሓማስ መሪጺ። ሓማስ ምስ ተመርጸ ኣሜርካ ሰንቢዶም። ከምዘይቅበሉዎ ብኡንቡኡ ኮኒኖሞ። ምኽንያቱ ሓማስ ኣይምረጽን እዩ ዝብል ኣጉል ኣተሓሳስባ ስለ ዝነበሮም። ንኣሜርካ ደሞክራሲ ኣብ ረብሕኦም ምስ ዘይውዕል ኣይቅበሉዎን እዮም። በዚ መሰረት ከኣ ነቲ ህዝቢ ፍልስጤም ዝመረጾ ሓማስ ኣይንቕበሎን ኢና ብምባል ንሓማስ ከም ናይ ተሮሪስቲ ውድብ ጌሮም ወንጂሎሞ።

ካልእ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተገብረ ቀዳምይ ምርጫ ህዝቢ ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝመረጾ ፓርት ንኣሜሪካ ዘጠራጥር ስለ ዝነበረ፡ ምዕዋት ንሱኹም ተዓዊትኩም፡ ግን ሓይሊ ሰራዊት ስለ ዘይብልኩም ንወያኔ እና ንድግፍ ኢሎም። ንሱ ጥራሕ ከይኣክል ኣብ 2015 ዝገበሩዎ ምርጫ ወያኔ ሚእቲ ብሚእቲ (100%) ተዓዊትና ክብሉ ከለዉ ኣሜሪካ ቅጥፈት ምዃኑ እናፈለጠት (ሱዛን ራይዝ ብባጫ ዝሰሓቐትሉ) ርእዮም ከምዘይ ራኣኣዩ፣ ሰሚዖም ከምዘይ ሰምዑ ኣስቂጦም።

እዞም ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ የለን ዝብሉ፡ ኣብ ትሕቲ ወያኔ ዝተጸግዑ "ቆልዓ ከም መዕበዩኡ" ከም ዝበሃል ወያኔ እዚ መምህሮም ንሳ ዝበሎቶ ምድጋም እዩምበር። ኣብ ትሕቲ ኣሜሪካ ዝተጸግዑ ከኣ እቲ ዝንቡዕን ሑሱርን ኣተሓሳስባኦም ክዕወት ከምዘይክእል ስለ ዝፈልጡ ነቲ ቅኑዕ ደሞክራሲያዊ መስርሕ ኣብ ሃገርና ዝካየድ ዘሎ ክኣምኑሉ ዓቕሞምን ባህርያቶም ኣየፍቅደሎም'ዩ። ኩሉ ግዜ ምስላ ኣቦታትና ክጥቀም ደስ'ዩ ዝብለኒ። ነዚኦም ብርሃን ከሎ ዓይኖም ዝተዓመተ ትበቅዕ ዝብላ ምስላ " ደድሕሪ ኣድጊ ዝኸደ ጥራጥ ኣድጊ ለመደ" ትብል ብቅዕቲ መስለኒ።

ኣብቲ ከም ኣርእስቲ ኣንቢረዮ ዘሎኹ "ሓኪም ዘይፍውሶ ሕማም: ማጮሎት ዶኾን ምሓሸ? ዝብል ክምለስ። እዞም ኮብሊሎም ሂዎቶም ምሉእ ማሕበራት፡ ክነድቁን ክፍሩስን፡ ኪዳን ክተኣታተዉን ክከሓሓዱን፡ ዓመታት ዝገበሩ ኣሕዋትና፤ ሊቃውንቲ ዘይበጽሖዎ ፖሎቲካ ዝብበሃል ሕማም ሒዚዎም ኣሎ። ናይዚ ሕማም'ዚ ምልክት ውልቀ ሰብ ከም ትጸልእ'ዩ ዝገብረካ። ብዛዕቡኡ ኩፉእ ነገራት ኣብ ምሕሳብ ለይትን መዓልትን ድቃስ ትስእን። ካብቲ ኑቡር ፖሎቲካ ዝበሃል ኣምር ኣዚዩ ዝተፈለየ ኮይኑ ምስ ወቕትታ ከኣ ደጋጊሙ ይደግስ። ልክዕ ከምቲ H.I.V.(AIDS ) ከይተፈልጠ ህዝቢ ዝቐዘፈ፡ እዚ ሕማም'ዚ ውን ነዞም ተለኺፎም ዘለዉ ኣብ መቕዘፍቲ ከይበጽሑን ካልኦት ከይለኽፉን መድሃኒት ክሳብ ዝርከበሎም ብኦም ዝግደሱ እንተለዉ ማጮሎት እንተዝፍትኑ ምሓሾም። ንኣብነ ኣብ ኩሉ ዝርዝር ከይኣቶኹ፡ ሓደ ግዜ ኣብ Woodrow Wilson International Center for Scholars ብጉዳይ ኤርትራ ተዘሪቡስ ሕቶ ኣብ ዝሕተተሉ ዝነበረ እዋን ሓርበኛ ሶፊያ ተስፋማሪኣም ሰለስተ ሕቶታት ንፕሮፈስር በረኸት ሓብተስላሴ ሓቲታቶ። ንዝሓተተቶ ሰለስተ ሕቶታት ክምልስ ፍቓደኛ ከምዘይኮነ ክገልጽ እከሎ፡ ግን ይብል " ንኤርትራ ኣይኮንኩን ዝጸልእ፡ ትፈልጢ"ኺ ኤርትራ

ከምዘይጸልእ። ኣነ ንእሰያስ እየ ዝጸልእ “ ይብል።  ብናይ ጽልኢ ዓይነት ድኣ ተሃዊኹ መሊሱዋ እንበር ወይ ከምቲ ዝበሎ ስቕ መለ፡ ወይ ከኣ ብብስል ዝበለ መንገዲ ምመለሰ። ንሱ ንፕረሲደንት ኢሰያስ ጸሊኡ ኣይጸሊኡ ዘግድለሉ የለን። ኣብዚ ከነስተብህለሉ ዝግባእና እንተሎ ንእሰያስ ጸሊእካ ሃገር ብጸላእቲ ክትውረርን፡ እገዳ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክስንዘርን እናተቓለስካ ከመይ ጌርካ ሃገርን ህዝብን ኣይጸልእን ትብል።  ንእሰያስ ኑሱ ጸሊኡዎ ማለት ህዝቢ ኤርትራ ጸሊኡዎ ማለት ኣይኮነን።  እዚ ከኣዩ መድሃኒት ዘይተረኸቦ ሕማም ዘበለኒ።  ፖሎቲካውያን ሓንሳብ ከም ዕንጨይቲ ምስደረቑ ኣይነቕጹን እዮም።  ነብሶም እናነቐፉ ጌጋኦም እንዳኣረሙ ኣዎንታዊ  ግደ ክጻወቱ ይግባእ።   ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝበሃልን ሹዑ ኣብቲ ቦታ ዝተባህለን “ እቲ ገመል ጉዕዙኡ ይቐጽል ፡ እቶም ኣኽላባት ከኣ ምንባሕ ኣይገድፉን።   እገዳ ዋላኳ ስንብራት እንተለዎ ንመንግስቲ ኤርትራ ዝያዳ ምብልሓትን መደባቱ ምስራዕን ሓጊዙዎ።  እታ 11% ዕብየት ኣርኢና ( እድገት ኣሳይተናል) ዝተባህለት ኢትዮፕያ፡ 15% ካብ ህዝባ ብጥመት ይሳቐን ከብቱን ደቁን ይሞቱ ኣለዉ። መሬቱ  ብዘይ ኣገባብ ይምንጠል ኣሎ።  ነዚ ከምዚ ዝገብር ስርዓት ደመክራሲ ይበሃል? መንግስቲ ኤርትራ ግን ህዝቡ ከይጠሚ ንሎሚ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት እዩ ሓሲቡሉን ተዳልዩሉን።  ንዝመጽእ  ዓመታት ከኣ መደብ ኣውጺኡ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ፍሉጥ እዩ።  ገለ ጸሓይ እናበረቐት ዝዓረቦቶም ከኣ መንግስት ኢሰያስ ክወድቕ ነቲ ኣብ ሞንጎ ሰራዊትን መራሕቱን ዘሎ ሰንሰለት ከንበትኮ ኣሎና ይብሉ። ኣብ ወጸኢ ኮንካ።  ሰራዊት ኤርትራ ንሃገር ዝተሰለፈ ድኣንበር ንውልቀ ሰብ ወይ ንህ.ግ.ደ.ፍ. ኣይኮነን።  መራሕቱ  ኣካል ናቱ ድኣንበር ውነና ናይ ካልእ ኣይኮኑን።  ፕረስደንት እሰያስ ከኣ ኣካል ሰራዊት እዩ።  ብጠቕላላ ህዝቢ ኤርትራ ሰራዊ ሃገሩ እዩ።

ሰንሰለታዊ ርኽክብ ሰራዊትን መራሕቱን ሕጂ ዝተመስረተ ኣይኮነን። ኣብሰላም ግዜ ዝተጠረ ኣይኮነን።  ኣብ ግዜ ሙቖት ዝተሃንጸ ኣይኮነን።  ኣብቲ ጽንኩር መስርሕ ቃልሲ ዝቦቆለ እዩ።  ከምቲ ሓርበኛታት ኣቦታትና ኣብ ግዜ መግዝእቲ ባዕዳውያን ጸላእቲ ብሃይማኖት ክፈላልዩዎም ዝጽዕሩ ዝነበሩ፡ መታን ከይፈላለዩ” ኣስላምን ግስታንን ብሓባር ቁርኣንን መጽሓፍ ቁዱስን ዝጠቐኡ፡ ስጋ ኣስላምን ክርስትያን ሃዋዊሶም ዝበልዑ፡ ጸጸር ሓቢሮን ዝወሓጡ።  ሰራዊት ኤርትራ ከኣ  ብኾምኡ መንፈስ እዩ ተሓኒጹ።    እንኳንዶ ሎሚ ሃገር ወኒኑስ ኣብ ግዜ ገድሊ እኳ ኣይተበትከን።   ስርዓት ሃይለስላሴ ክበትኽ ፈቲኑ እንቶኾነ ንርእሱ ተበቲኹ። ስርዓት ደርግ ምስ ዘራያቱ ተበትኹ ንብረቱ ተወሪሱ ሰራዊቱ ጠንጢኑ ሃዲሙ'ዩ ዝኸደ።  ወያኔ ምስ ኩሉ ሓገዛታ ኣምኣት ሰራዊት ኣኽቲታ ኣማስያኣ ሬሳታታ ዛሕዚሓ'ያ ዝተመልሰት።  ጉድኣት ኣየውረደትልናን ማለት ኣይኮነን።   እዞም ርክብ ሰራዊትን መሪሕነቱን ክንበትኽ ኣሎና ትብሉ እቲ ማይ ሕቖኑዎ ልኻይ ግን ኣይክትረኽቡን ኢኩም።

ሞጎስ ነቲ ሰራሕ ቅያ ሰራዊትና።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።